## ገምጋም መጽሓፍ

# ሓምድ እድሪስ ዓዋተ 1915-1962

ብሃይለስላሴ ወልዱ

- **ዓይነት መጽሓፍ፤ ታሪኽ-ህይወት** (Biography)
- **ገጻት፤** 475
- **ኣሕታሚ፤ ኣሕተምቲ ሕድሪ፡** 2018

ገምጋም-መጽሓፍ፤ ሳላሓዲን ዓሊ

01/09/2018

# ገምጋም መጽሓፍ፣ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ 1915-1962

መጽሓፍ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ 1915-1962፡ ታሪኽ-ህይወት ናይቲ ኣብ ሓባራዊ ዝኽሪ ኤርትራውያን ትእምርቲ ሃገራዊ ጅግንነት ዝኾነን ኣብ ኤርትራ ብረታዊ ቃልሲ ዝጀመረን ሓምድ እድሪስ ዓዋተ እተዘንቱ መጽሓፍ ኲይና፡ ውጽኢት ናይቲ ን35 ዓመታት ዝተኻየደ ንማሕበራዊ፡ ወተሃደራዊን ፖለቲካዊን ተመኩሮ ሓምድ ዝምልከት ትሕዝቶ ዘጠቓለለት ፈላሚት ውጽኢት ዓሚቑን ዕቱብን መጽናዕቲ እያ።

ኣብዛ መጽሓፍ፡ ታሪኽ-ህይወት ሓምድ ኣብ 12 ምዕራፋትን ሓደ ድሕረ-ጽሑፍን ዝተዘርዘረ ኮይኑ፡ ካብ ስድራቤታዊ ድሕረባይትኡ፡ ተወሊዱ ዝዓበየሉ ማሕበራዊ ከባቢ፡ ኣብ ዕስክራና ጣልያን ንዘሕለፎ ውግኣትን ዘጥረዮ ወተሃደራዊ ተመኩሮን፡ ኣብ 1940ታት ኣብ ኤርትራ ግኑን ዝነበረ ሽፍትነት ዝተጸንበረሉ ኲነታትን፡ ብምሕረት ናብ ሰላማዊ ህይወት ክሳብ ዝምለስ ዝፈጸሞም ተግባራትን ብዝርዝር ቀሪቡ'ሎ። ኣብ ግዜ ፈደረሽን ከም ሓረስታይ ኲይኑ ዘሕለፎ ህይወት ብሓጺር ብምዝንታው ድማ፡ ንመስርሕ ኣጀማምራ ብረታዊ ቃልሲ ብመንገዲ ህይወት ሓምድ ተዘንቱ።

ጸሓፊ ንታሪኽ-ህይወት ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ብምጽናዕ፡ ክምልሶም ዘንቀደ ሕቶታት ኣብ መቕድም ብኸምዚ ዝስዕብ ኣስፊሩዎም ኣሎ፥

1. ሓምድ እድሪስ ዓዋተ 'እንታይ ድሕረ ባይታ ስለ ዝነበሮ እዩ ጀማሪ ሰውራ ክኸውን ዝበቕዐ?
2. ኣተዓባብያኡን መንነቱን፡ ወተሃደራዊ ተመኩሮኡን ንቕሓቱን፡ ሃገራውነቱን ተቐባልነቱን ከመይ ነበረ?

እዞም ሕቶታት እዚኣቶም፡ ጸሓፊ፡ ፖለቲካዊ ታሪኽ-ህይወት (political biography) ይጽሕፍ ከምዘሎ ዘመልክቱ ኲይኖም፡ ዝያዳ ዘገደሶ ነጥቢ ድማ ሓምድ ሰውራ ዝጀመረ 'ብዓል ቁጽሊ' ንኽኸውን ዘኽኣሎ መስርሕ ንምርዳእ እዩ።

ኣብዚ ገምጋም'ውን ካብ ጸሓፊ ክምልሶም ዘንቀደ ሕቶታት ብዙሕ ከይረሓቐኩ፡ ጸሓፊ ነዞም ሕቶታት ኣብ መጽናዕቱ ብኸመይ ክምልሶም ክኢሉ ንምርኣይ ክፍትን እየ።

ኣብ ኤርትራ፡ ኣብ ታሪኽ ጉሉሕ ተራ ንዝተጻወቱ ማሕበራውን ፖለቲካውን መራሕቲ ዘተኰረ ታሪኽ-ህይወት ምጽሓፍ ልሙድ ኣይጸንሐን። ጸሓፊ ኣብዚ መዳይ'ዚ ፈዋናይ (pioneer) እዩ ክበሃል ይከኣል።

ስለ ዝኾነ ኣገዳስነት ናይዚ ጅር ኣብ ስእለ ታሪኽ ኤርትራ ዝምልከት፡ ንቐጻሊ ዘተ ዝእንፍቱ ገለ ነጥብታት ብምዝርዛር ክጅምር።

ኣብ መንጎ ጽሑፋት ታሪኽ-ህይወትን ታሪኽን ዘሎ ምትእስሳር ብኣንጻር እቲ ዝመስሎ ኣሻማዊ ኩይኑ'ዩ ጸኒሑ። ዝበዝሑ ናይ ታሪኽ ተመራመርቲ፡ ቊጠባዊ ኣዝማምያታት፡ ማሕበራዊ ቅርጽን ትካላዊ መዋቕራትን ብምጽናዕ ታሪኽ ናይ ሓደ ሕብረተሰብ ንምርዳእ ይፍትኑ። 'ዋሕዚ ታሪኽ ብድልየትን ተግባራትን ውልቀ ተዋሳእቲ ኣይውሰንን' ዝብል ግምት ድማ ይወስዱ።

ሕብረተሰባት ዝሓሰብሉን ዝዓይሉን ኣገባብ ኣብ ዝተናውሐ እዋን ኣብ ምልዋጥ ዓቢ ተራ ዝጻወቱ ቊጠባዊ፡ ማሕበራዊን ባህላዊን ድርኺታት ምግላጽን ምትንታንን ኣገዳስን መተካእታ ዘይብሉን እኳ እንተኾኑ፡ 'ውልቀሰባት ንዋሕዚ ታሪኽ ይቕልሱ'ዶ ኣይቅልሱን' ናብ ዝብል ኣብ ፍልስፍና-ታሪኽ ዝገነነ ክፉት ሕቶ ከይኣተና፡ ምእንቲ ኣብ ሕሉፍ ንዝተፈጸመ ክንርዳእን ክንገልጽን፡ ፍጻመታት ንወልቀሰባት ብኸመይ ጸልየሞም? ንሳቶም'ከ ብኸመይ ምላሽ ሂቦም፡ ምጽናዕ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን እዋን ኣገዳሲ እዩ።

በዚ መሰረት፡ ታሪኻዊ ጽሑፋትን ታሪኽ-ህይወትን እምበኣር ተማላላእቲ ምዃኖም ተኣሚንሉስ፡ እቲ 'ቈልዓ-ወሰን ናይ ዓውዲ ታሪኽ' (illegitimate child of history) ተባሂሉ ዝተጸወዐ ታሪኽ-ህይወት፡ ሎሚ፡ ኣብ ኣካዳሚያዊ ዓንኬላት ከም ንኡስ ዓውዲ ታሪኽ ኩይኑ ተቐባልነት ረኺቡ ይርከብ። ታሪኽ-ህይወት ከም ንኡስ ዓውዲ ታሪኽ ኣብ ዝረኣየሉ ግዜ ታሪኻዊ ታሪኽ-ህይወት (historical biography) ይበሃል።

ኣብ መንጎ ተመራመርቲ ታሪኽ፡ ንታሪኽ-ህይወት ዝምልከት ክልተ ዝተፈላለየ ኣጠማምታ እዩ ጸኒሑ። እቲ ቀዳማይ ክላሲካዊ ኣጠማምታ፡ ታሪኽ-ህይወት ኣብቲ ህይወት ናይቲ ውልቀሰብ ጥራይ ዘተኩረ ክኸውንን፡ ንዛንታ ህይወት ዝሓቖፈ ሰፊሕ ታሪኻዊ ሃዋህው ግን ብውሱን መልክዑን ኣድላዪ ምስዝኸውንን ጥራይ ክጸሓፈሉ ኣለዎ ዝብል ክኸውን እንከሎ፡ እቲ ካልኣይ ኣጠማምታ ድማ፡ ታሪኽ-ህይወት፡ ብመንገዲ ዛንታ ህይወት ሓደ ውልቀሰብ፡ ንፍጻመታትን መስርሓትን ብግቡእ ከም እንርድኦም ብምግባር ንዓበይቲ ሕቶታት ናይ ታሪኽ መልሲ ኣብ ምርካብ ዝሕግዝ ሜላ  ክኸውን ይግባእ ይብል።

ከምቲ ልዕል ኢሉ ዝተኣንፈተ ግን ጒጅለታት፡ ሕብረተሰባትን ትካላትን ንታሪኽ ውልቀሰብ ብምልኣት ኣይገልጽዎን እዮም። ታሪኽ ውልቀሰብ ድማ ንታሪኽ ጒጅለታት፡ ሕብረተሰባትን ትካላቶምን ክትክእ ኣይክእልን። ስለዚ ኣተኵሮ ጽሑፋት ታሪኽ-ህይወት ኣብ መንጎ እዞም ክልተ ሚዛን ዝሓለወ ክኸውን

ይምረጽ። ትረኻን ትንታነን ዝሕውስ ኣገባብ (critical narrative approach) ብምኽታል ድማ ደረጃኡ ዝሓለወ ምርምራዊ ስርሓት ታሪኽ ክፍሪ ይኽእል። ከምዚ ብምግባር ንሓባራዊ ታሪኽ ሕብረተሰባት፡ ሓሳባቶምን ምንቅስቓሳቶምን ኣትሊሑ፡ ንውልቀ ተመኩሮ ምስ ኩሉ ሕልኽላኻቱን፡ ተገራጫውነቱን ናይ ምንጽብራቕ ሓይሊ ኣለዎ።

ጸሓፊ ሃይለስላሴ ወልዱ፡ ካብ መቕድም ናይቲ መጽሓፍ ጀሚሩ፡ 'ከም መእተዊ፡ ዝኽርን ኣስተንትኖን' ክኸውን ብምባል ንታሪኽ ኤርትራ 1940ታት 1950ታትን ብመጠኑ ንምግላጽ ፈቲኑ ኣሎ። ካብ ፈለማኡ እምበኣር ጸሓፊ፡ ህይወት ሓምድ ምስ ሰፊሕ ታሪኻዊ ሃዋህ(context) ናይ እዋኑ እናተኣሳሰረ እዩ ርእዩዎ። እዚ ድማ ምስዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሰ ኣብ ኣካድሚያዊ ዓንኬላት ቅቡል እናኾነ ዝኸይድ ዘሎ ኣገባብ ስለ ዝገጥም፡ ኣብዚ መዳይ ጽቡቕ ስራሕ ተሰሪሑ ኣሎ።

ኣብ ቀዳማይን ካልኣይን ምዕራፍ ናይዚ መጽሓፍ፡ ሓምድ ዝዓበየሉ ሃዋሁን ኣብ ዕስክርና ጥልያን ዝጸንሓለን ዓመታትን ይዝንቶ። ኣብቲ 'ዓድ-ፋይዶም'፡ ዝብል ቀዳማይ ምዕራፍ፡ ንእንዳ ሓምድ ዝፈረየ ፋይዶም ዝበሃል ኣቦሓጉ፡ ሓያልን ተባኣስን ምንባሩ ብምግላጽ፡ እቲ ሓይሊን ንቕጽናን ናብ ኣቦ ሓምድ ዝኾነ እድሪስ'ውን ከም ዝሓለፈ የዘንቱ'ዎ ቀጺሉ፥

> ዓዲ ፋይዶም ውሉድ ወለዶኦም ንጹህ ኣይነበረን። ሓያላት ደመኛታት ስለ ዝነበሩ ከም እንስሳ ዘገዳም መንበሮኦም ግዳም-ግዳም ነበረ። ሓምድ'ውን ኣሰር ኣቦታቱ ተኸቲሉ፡ ጽላሎቱ ዝኣምን ኣይነበረን. . .ኣብ ግዜ ንእስነቱ ዓቃል፡ ጠባዩ ጥዑም ነበረ። እንተ'ንቂሉ ግን፡ ኢያ-ብሓይሉ፡ ንሓደ የውድቕ፡ ነቲ ይሃርም ነቲ የብኪ። ብዝኾነ ኣይደንን ኣይጸዓድን. .እንተነዲሩ ኣይተሓዝ፡ ወላ ሞት ትምጻእ ኣይለቅቕን። ብዝተረፈ፡ ናይ ልቡ፡ ብጀካ ረቢ ዝፈልጦ ኣይነበረን። . . . ሕሉፍ ተጣራጣሪ እዩ ዝነበረ። ምሳኻ እየ ናትካ እየ ንዝብሎ ከይተረፈ ኣይኣምንን። ንሱን ድፍረቱን ኣኺልዎ፡ ወሰን ወሰን እዩ ነይሩ ባህርያቱ. . .ከዕልል እንተኾይኑ ታሪኽ ጀጋኑ ዝደግመሉ እዩ ዝፈቱ። ኣድናቖቱ ኣብ ጀጋኑ ጥራይ ነበረ። (ገጽ 4)

ብንእስነቱ ብረት ዝተዓለመ ሓምድ ዝተወርየሉ ጨማቲ ምንባሩ እውን ተዘንቲዩ ኣሎ።

እዚ መግለጺታት'ዚ፡ ጸሓፊ፡ ሓምድ ኣብ እምቢተኛ ስድራን ተጻባኢ ሃዋሁን ተወሊዱ ዓብዩስ ንኸባቢኡን ኩነታትን ዝምጥን ጽኑዕ ሰብእና (strong personality) እናሃነጸ ከም ዝዓበየ ዘረድእ ትሕዝቶ ነንብብ።

ኣብቲ ብዛዕባ ዕስክርና ጣልያን ዘዘንቱ ካልኣይ ምዕራፍ፡ ሓምድ ዝተሳተፎም ውግኣትን ዘንጸባርቖም ወተሃደራዊ ብቕዓትን ተዘርዚሮም ኣለዉ። ኣብ ዕስክራና ጣልያን ብዘይካ ዘጥረዮ ወተሃደራዊ ተመኩሮ፡ ፖለቲካዊ መንቋሕቋሕታ ከም ዘሕደረ ዘረድእ ሓበሬታ'ውን ሰፊሩ ኣሎ። እዚ ክልተ ምዕራፋት ብዛዕባ

ሓምድ ዝሀቦ ስእሊ እምበኣር፡ ሓምድ ድሒሩ ዘትረፎ ዝና፡ ናይ ኣጋጣሚ ዘይኰነ፡ እቲ መራሒ ይሰራሕ ከም ዝነበረ ዘመላኽቱ እዩ።

ካብ ምዕራፍ 3 ክሳብ 5 ዘሎ ትሕዝቶ እዛ መጽሓፍ ንህይወት ሓምድ ኣብ ሽፍትነት 1940ታት የዘንቱ። ሽፍታ ዝብል ቃል ኣብ ኤርትራ፡ ኢትዮጵያን ድሒሩ'ውን ኣብ ኬንያ ዝዘውተር ንዓለወኛታትን (rebel) ከተርትን (robber) ንምግላጽ እንጥቀመሉ ሓባራዊ መጸውዒ እዩ። ዓለወኛታትን ከተርትን ዘራኽቦም ነገር ክልቲኦም ንኑብሶም ክንዮ ሕጊ ዘቐምጡ ምኽንያም ጥራይ እዩ። እንተዘይኰይኑ፡ እቲ ዓለወኛ ኣንጻር ሕጊን ቅዉም ስርዓትን ዘርእዮ ኣብያ ፖለቲካዊ ትሕዝቶ ክህልዎ ከሎ፡ ናይቲ ሓደ እንቢታ ግን ተራ ገበናዊ ኣጋውል ዘለዎ እዩ።

ጸሓፊ፡ ኣብ መእተዊ መጽሓፍን ዝተፈላለየ ክፋላቱን ደጋጊሙ ጠቒስዎ ከም ዘሎ፡ ኣብ እዋን ምምሕዳር እንግሊዝ፡ እቲ መግዛእቲ ኢጣልያ ኣብ መላእ ኤርትራ ኣስፊንዎ ዝነበረ ሰላም ተዘሪጉ፡ ብዙሕ ክፋል ህዝቢ ኤርትራ ንመጥቃዕቲን ዝምታን ተቓሊዑ ነበረ። ሽፍትነት'ውን ብኡ መጠን ዓበየ። ብሓፈሻኡ፡ ኣብ 1940ታት ኣብ ኤርትራ ዝተጋፍሐ ተርእዮ ሽፍትነት  ሰለስተ መልክዓት እዩ ዝነበሮ፤ ቁጠባዊ፡ ማሕበራዊን ፖለቲካዊን። ምስ ምዝዛም ካልኣይ ኲናት ዓለም ዘጋጠመ ቍጠባዊ ውድቀትን ሽቕለት ኣልቦነትን፡ (ናብ ዓዶም ዝተመልሱ ዓሳክር-ጣልያን ነበር ወሲኽካ)፡ ናይ ጸጥታ ሃጓፍ'ውን ተወሲኽዎ፡ ንብዙሓት ናብ ተራ ናይ ከትሪ ንጥፈታት ክኣትዉ ዝገበረ ነበረ።

ምምሕዳር እንግሊዝ፡ ንፖለቲካዊን ምምሕዳራዊን ምኽንያታት ክብል ንጸገም ጸጥታን ምጥፋእ ስርዓትን ንምፍታሕ ስለ ዘዕጠጠየ፡ ኣብ ብዙሕ ከባቢታት ኣጠቓቕማ ጸጋታት (ብፍላይ ድማ መሬት) መበገሲ ዝገበሩ፡ ብቀቢላዊ ወራራትን ሓድሕድ ዝምታን ዝተገልጹ ግጭታት ተባልሑ። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ሃዋሁ ገለ ወገናት፡ ንኸባቢኦም ንምሕላውን ንወገኖም ካብ ወራርን ከትርን ንምክልኻልን ተንሰኡ። እዚ ከምዚ ዓይነት ተበግሶ ዝወሰደ ሰብ ብኣገላልጻ ናይቲ ኣብዚ መዳይ መጽናዕቲ ታሪኽ ዘካየደ ኤሪክ ሆብስባውን 'ማሕበራዊ ሽፍታ' ተባሂሉ ይጽዋዕ። ማሕበራዊ ሽፍታ ነቲ ልሙድ ገበናዊ ጸዋዕታ ሽፍትነት ሰጊሩ ንወገኑ ፍትሒ ከረጋግጽ ዝፍትን ሰብ ወይ ጕጅለ እዩ። ድሕሪ 1947፡ ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝነበራ ናይ እጀታ ሕቶ፡ ብመንገዲ እቶም ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ሽፊቶም ዝጸንሑ ባእታታት ንምትግባሩ ክትሰርሕ ስለ ዝጀመረት፡ ንፖለቲካ ሕብረት ንምስግዳድ ኣብ ልዕሊ'ቲ ናይ ናጽነት ወገን ጸቕጢ ንምፍጣር ዝሰርሕ ፖለቲካዊ ሽፍትነት'ውን ተላዕለ።

ሓምድ ኣብቲ ናይ 40ታት ሸፍትነት፡ ሕውስዋስ ናይ ማሕበራዊን ፖለቲካዊን ሸፍታ ነይሩ ክብሃል ይከኣል። ነዚ ዘብርህ፡ ሓምድ ምስ ኮሎነል ክራክነል፡ ኣብ እዋን ኣዋጅ ምሕረት፡ ኣብ ዝገበሮ ርክብ ዝሃቦ መግለጺ ክምዚ ዝስዕብ ዝብል ነበረ፥

> ኣነ ናጽነት ኣይረኸብኩን። ምስ ብጾተይ ገና ብረት ዓጢቕና ንብረትናን ነብስናን ንሕሉ ኣሎና። ኣነ ነዛ ሂወተይ’የ ዓጢቐ ዘለኹ። ሕጂስ ከመይ ጌረ ክኣቱ፡ እንግሊዝ ሸፍታ፡ ፈንዲል ሸፍታ፡ ሃዳይእንዳዋ ሸፍታ፡ ዝቤድ ሸፍታ፡ እዚኦም ኵሎም ደድሕሬና ትጎዩ ኣለኹም። ብፍላይ ከኣ ንስኻ ኢኻ ሰራቒ ሸፍታ (ነቲ ኮሎኔል ምዃኑ እዩ)። ኣብዚ ካብ ትመጽእ እንታይ ጌርካ፡ እንትርፎ ሸግርን ጸበባን እንታይ ራህዋ ኣምጺእካ? ኣብ ግዜ ጣልያን ሰበይቲ ብዘይ ሰብኣይ፡ ሰብኣይ ከኣ ብዘይ በትሪ ይጓዓዙ ነይሮም። ሸዕኡ ዓዲ ድሓን ነይሩ። ንስኻ ግን ገንዘብ ኢኻ ትደሊ። ድሕሪ ጣልያን፡ ዝገደደ ዕግርግር’ዩ መጺኡና’ምበር ሰላም ኣይረኸብና. . (ገጽ 170).

ኮሎነል ክራክነል ሸፍትነት ገዲፉ ዓዲ እንተ ኣትዩ ሸመት ክወሃቦ ከም ዝኽእል ምስ ሓበሮ ድማ ‘. . . እታ ኣነ ዝደልያ ሓደ ነገር ጥራይ’ያ. . . ኣብ መንጎ ባዜንን ሃዳይእንዳዋን ካልኦትን ሰላም ከም ዝሰፍን ግበር። እዚ እንተገይርካ ዕጥቀይ ኣረኪበ ክኣቱ’የ። እዚ እንተ ዘይገበርካ ግን ኣይኣቱን’ (ገጽ 172)፡ ብምባል ንምኽንያት ሸፍትነቱ ግልጺ ገይርዎ እዩ።

ጸሓፊ፡ እንተና (essence) ሸፍትነት ሓምድ፡ ማሕበራዊን ፖለቲካዊን መልክዕ ከም ዝነበሮ ይምጉት እኳ እንተ ኾነ፡ ‘ብሰላብ ሕያይ’ ኣብ ዝተሰመየ እዋን ንዝነበረ ሓድሕድ ምዝምማትን ቅትለትን፡ ንተሳትፎን ተራን ሓምድን ጉጅለኡን ከቌናጁ (ወይ romanticize ክገብር) ኣይፈተነን። ብኣንጻሩ፡ ንኣጀማምራ ናይቲ ሕድሕድ ዝምታ፡ ‘ኣበጋሲኡ ሓምድ እዩ’ ካብ ዝብሉ ነቐፍቲ (critics) ብዝኣከቦ ሓበሬታ ሓደ ሚዛኑ ዝሓለወ፡ ንኣበጋግሳን ምዕባለን ናይቲ ኵነታት ዝገልጽ ታሪኻዊ መግለጺ ከቕርብ ፈቲኑ ኣሎ። ብተመሳሳሊ፡ ኣብ 4ይ ምዕራፍ ዝርከቡ፡ ‘ተቓውሞ ንጃህራ ሓምድ፡’ ‘ሓምድ ንዝዓመጹ ይቐጽዕ፡’ ‘ባእሲ ሓምድን ዑስማን ሎንጊን፡’ ‘ኒሕን ልቦናን ሓምድ’ ኣብ ዝብላ ኣርእትስታት፡ ንተጋራጫዊ ባህርያት ሓምድ ምስ ጭካነኡ፡ ርህራሀኡ፡ ድኽመታቱን ሓይሉን ከም ዘለዎ ዘርእያ ፍጻመታት ሰኒዱ ኣሎ። ከም መራሒ፡ ብዘይካ’ቲ ኣብ ‘ዋዕላ ሸፋቱ’ ነይርዎ ዝተባህለ መሪሕነትን ተሰማዕነትን፡ ወገን ዘይፍሊ ዝተዓመጹ ናይ ምርዳእ ወኒ ከም ዝነበሮ ዘርኢ ፍጻመታት ኣብዛ መጽሓፍ ብዙሕ እዩ።

ጸሓፊ እምበኣር፡ ነቲ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ‘እንታይ ድሕረ ባይታ ስለ ዝነበሮ እዩ ጀማሪ ሰውራ ክኸውን ዝበቕዐ? ንዝብል ሕቶኡ፡ ኣብተን ቀዳሞት ሓሙሽተ ምዕራፋት፡ ኣእማኒ ብዝኾነ ኣገባብ፡ ሓምድ፡ ኣብ ዝበሰለ ሃዋሁ፡ ከምቲ ደሓር’ውን ዝኾኖ፡ ብረት ኣልዒሉ ቃልሲ ክጅምር ዝኽእል ሱርነቀልኛ

(radical)፡ እምቢተኛን፡ ሰፊሕ ፍልጠት በረኸታት ኤርትራ ዝነበሮ ሰውራዊ መራሒ ንምኳን ዝበቕዐ ሰብ ከም ዝነበረ ኣርእዩ ኣሎ።

ካብ ምዕራፍ 8 ክሳብ ምዕራፍ 12 ዘሎ ቀንዲ ትሕዝቶ እዚ መጽሓፍ፡ ንኣጀማምራ ብረታዊ ቃልሲን ተራ ሓምድ ኣብቲ መስርሕን የዘንቱ።

ጸሓፊ ካብ ብዙሓት ኣብቲ መጀመርታት ዝተሳተፉ ሰባት ዝኣከቦ ሓበሬታ፡ ኣብ 1960-61 ዝነበረ ንምብጋስ ሰውራ ዝመርሐ ንጥፈታት ብምዝርዛር፡ ነዚ ኣገዳሲ ምዕራፍ ታሪኽ ኤርትራ ዝኾነ እዋን፡ ኣገደስቲ ዝርዝራት መሊኡሉ ኣሎ። ብፍላይ ኣብ ድሮ ምምስራት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ኣብ ካይሮ፡ ከሰላን ውሽጢ ኤርትራ ዝነበረ ምንቅስቓሳትን፡ ካብ ምስያም እቲ ውድብ ክሳብ ኣወዳድብባኡ ንዘጸንሐ ዘይንጹርነት ኣብ ምብራህ ተራ ክህልዎ እዩ።

እዚ መጽሓፍ፡ ኣብ መስርሕ ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ዓቢ ተራ ዝነበሮም ንምውጻእ ሓምድን ምጅማር ሰውራን ዘቃላጠፉ ተቓለስቲ ከም ሸኽ መሓመድ ዳውድ፡ መሓመድ ኣድም (ገሲር)፡ ኣድም መሓመድ (ግንድፍል)፡ ጣህር ሳልም፡ ኪዳነ ህዳድን ካልኦት ብዙሓትን ድማ ብመንገዲ ታሪኽ-ህይወት ሓምድ ኣትሊሕዎም ኣሎ።

እዚ መጽሓፍ፡ ነተን ሓምድ ብህይወት እንከሎ፡ ሰውራ ኤርትራ ምስ ሓይልታት ፖሊስ ዘካየደን ቀዳሞት ግጥማትን፡ እቲ ውልዶ ሰራዊት ሓርነት ህላውነቱ ከውሕስ ዘሕለፎ ቃልሲን ብግቡእ ሰኒዱ ኣሎ። ነቲ ሓምድ ኣብ 1 መስከረም ካብ ገዛኡ ወጸዩ ኣብ ሃደምደመ ፋልመይቲ ጥይት ብምትኳስ ሰውራ ከም ዝጀመረ ዘመልከተላ ዕለት፡ ምስቲ ኣብ ኣዳል ብዕለት 26 መስከረም ዝተኻየደ ቀዳማይ ውግእ ዝሓዋውስ ኣዘናትዋ ታሪኽ ብዝምልከት ዝገበሮ ገለጻ ድማ፡ ኣራምን ደምዳምን መወከሲ ኰይኑ ከገልግል ይግባእ።

ኣብዚ ክፋል፡ ጸሓፊ ንደረጃ ሃገራዊ ንቕሓትን፡ ፖለቲካዊን ወተሃደራዊን ብቕዓትን ዓዋተ ኣብ ምስናድ ኣተኩሮ ሂቡ ከም ዝሰርሐ፡ ኣብ መጽሓፉ ኣሰፊርዎ ካብ ዘሎ ሓበሬታ ምርዳእ ይከኣል። በዚ ድማ፡ ንናይ ዓዋተ ፖለቲካዊ ኣርኣእያን ኣብ ሃገራውነት ዝነበሮ ግንዛበን ንምፍላጥ ንዘሎ ህርብትና (curiosity) ዘንቅሎ ሕቶታት እኹል ምላሽ ሂቡ ኣሎ። ሓምድ ኣብ ሓደ ካብ መደረታቱ፡

> እቲ ቐደም ኣብ ግዜ እንግሊዝ ሽፍታ ተባሂለ'የ ዝጽዋዕ ነይረ። ሎሚ ግና ስመይ ተቐይሩ እዩ። ኣነ ጀብሃ ኣታሕሪር ኢየ ዝብሃል። እዚ ስም'ዚ ናይ ሓምድ ወይ ናይ ዝኾነ ይኹን ሰብ ፍሉይ መጸውዒ ዘይኮነ ናይ ህዝቢ ስም እዩ። ጀብሃ ግንባር እዩ፡ ታሕሪር ድማ ናጽነት፡ ንሃገሩ ዝሰዋእ

ማለት. . .ናጽነት ብገንዘብ ዝዕደግ ክቡር ኣቕሓ ኣይኮነን፡ ደምን መስዋእትን ከፊልካ፡ ጽንኩር ኩነታት ሰጊርካ ዝመጽእ እዩ. . . (ገጽ 324)

እዚን ካልእ ጥቕስታትን፡ ሓምድ ንትርጉምን ክብደትን ናይቲ ዝጀመሮ ሰውራ ኣማእዝዩ ዝተረደአ መራሒ ምንባሩ ምስክር እዮም።

መጽሓፍ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ኣብ ቃል ኣሕታሚ'ውን ከም ዝተገልጸ 'ከም ልቢ-ወለድ ብዝንበብ ዋሕዚን ምንጥልጣልን፡' ትረኻዊ ኣገባብ (narrative form) ተኸቲሉ ዝተጻሕፈ እዩ። ከምዚ ዝኣመሰለ ሪኮንስትራክሽን ናይ ታሪኽ፡ ፍጻመታት ታሪኽ ኣዝዩ ሕልኽላኽን ዝተበታተኸን ክሳብ ዝኾኑ፡ ክንድ'ዚ ቅዱውን ድራማዊን ውጽኢት ክህልዎ ኣይክእልን ብዝብል ምኽንያት፡ ብዓይኒ ጥርጣረ ዝጥምትዎ ተመራመርቲ ታሪኽ ብዙሓት እዮም። ኣቐዲመ ከም ዝገለጽክዎ ኣብ መንጎ ዓውዲ ታሪኽን ጽሑፋት ታሪኽ-ህይወትን ዝጸንሐ ዘይምጥዕዓም ሓደ ጠንቁ እዚ እዩ። እዚ ግን ብርግጽ፡ ብመርትዖ ክፈርስ ዝኽእል ቅድመ-ግምት (rebuttable presumption) ምዃኑ ምዝካር የድሊ። በዚ መንጽር ክረአ ኸሎ፡ ጸሓፊ፡ ነዚ ጥርጣረ ዘወግድ ብሉጽ ናይ ሰነዳ ስራሕ ብምስራሕ፡ ነዚ ስራሕ ንምድላው 65 ቃለመጠይቓት ኣካይዱ፡ ካልኦት ዘካየድዎ 7 ቃለመጠይቓት፡ ጋዜጣታት፡ ሰነዳት ምምሕዳር እንግሊዝን ገለ መጻሕፍትን ተወኪሱ። ኣገባብ ብዝሓለወ መልክዕ ድማ ንኣካዳሚያዊ ስርዓት ወኸሳ ተጠቒሙሉ ኣሎ። ልዕሊ 80% ምንጭታቱ ኣፋዊ ታሪኽ ኩይኖም፡ እቶም ምንጭታት መስርሕ ምንጫዊ ህየሳ  (source criticism) ከምዝሓለፉን፡ ኣብ ኣተናትናኦምን ምትርጓሞምን ልዑል ጥንቃቐ ከም ዝገበረን ርኡይ እዩ።

**ኣብ መወዳእታ....**

ሓምድ እድሪስ ዓዋተ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ብዕምቀት ካብ ዝተንከፉ ክስተታት መበል 20ክ/ዘ ማለት ዕስክርና ጥልያን፡ ሸፍትነት 40ታትን ብረታዊ ቃልሲን፡ ኣብቶም ክልተ ቀዳሞት ተሳታፊ፡ ኣብቲ ዳሕራዋይ ድማ ፈላሚ እዩ። ዛንታ ሓምድ እምበኣር ንዘበናዊ ታሪኽ ኤርትራ ብገለ ሸነኹ ሰብእነት ዘልብስ (Personify ዝግብር) ዛንታ እዩ።

ኣብ ኤርትራ፡ ንታሪኻዊያን መራሕትን ውልቀ-ሰባትን ከም ሃገራውያን ጀጋኑ (national heroes) ዝልለይሉ ፍሉጥ ወግዒ'ኳ እንተ ዘየለ፡ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ኣብ ሓባራዊ ሃገራዊ ዝኽሪ፡ ብግብሪ (de facto) ናብ ሃገራዊ ጅግና ዝበረኸ ተቓላሲ እዩ። እዚ መጽሓፍ'ዚ ድማ ታሪኽ-ህይወት ናይዚ ዝነኞ መራሒ ብምቕራብ፡ ከም ምሉእ ሰብ ክንፈጦ ገይሩ ኣሎ። ከምዚ ዝኣመሰለ  ክውን ታሪኽ (historical facts) ዘዘንቱ ስራሕ፡ ንሃገራዊ ታሪኽና ካብ ንዝተወሰነ ፖለቲካዊ ዕላማ ንምውቃዕ ዝቐርብ ቀይዲ-ዝበተኸ ክልሰ'ተነት (revisionism) ከድሕኖ ምዃኑ ኣየጣራጥርን'ዩ።

**ነዚ ስራሕ ንምስራሕ ን**35 **ዓመታት ክይሰልከየ ንዝሰርሐ ጸሓፊ ሃይለስላሴ ወልዱ፡ እዚ መጽሓፍ ንጻዕሩን ተወፋይነቱን ዘዘንቱ፡ ባዕሊ ታሪኽ-ህይወት** (autobiography) **እውን እዩ’ሞ፡ ነቲ ዘይሕለል ጻዕሩ፡ ብስም ኣንበብቲ ልዑል ምስጋናይ ኣቕርብ።**